ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ዓዴት ኣብ ዝተፈላለያ ሴክተራት ግልጋሎት እንሃባ ፀኒሐን አሪገን ካብ ግልጋሎት ወፃኢ ኮይነ ዝርከባ ተሸከርካርቲ መኪና : ሞተር ሳይክለት : ካልኦት ዝተፈላለየ ቀወምቲ ንብረታት ብጨረታ አወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሰነ 14, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 26, 2017 5:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ንተሸከርካርቲ መኪና : ሞተር ሳይክለት 20000 ቅርሺ : ንካልኣት ቀወምቲ ንብረታት 3000 ቅርሺ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 26, 2017 5:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መኪና/ማሺን ምሻጥ/ ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

1 እዚ ጨረታ ዝርከበሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ዓዴት አብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ንብረት ምምሕዳር ብምቅራብ ዝተዳለወ ሰነድ መዓቀኒ ንምዕድጋ መካይን ሞትር ሳይክል 200 ቅርሺ :ዝተፈላለዩ ቀወምቲ ኣቅሑት 50 ቅርሺ ዘይምለስ ብምክፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት መፂእኩም ክትወስዱ ትክእሉ ምካንኩም ንሕብር

2 ዝሸየጡ ንብረታት ኩሎም ተሸከርካርቲ ይኹን ቀወምቲ ንብረት ንብሰወከፎም ክሪኢ ዝደሊ ተጫራቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ 20/10/2017 ዓም ክሳብ 25/10/2017 ዓም ብኣካል እንዳመፃእኩም ዝሸየጡ ንብረታት ተሸከርካርቲ መኪና : ሞተር ሳይክለት : ካልኦት ዝተፈላለየ ቀወምቲ ንብረታት ምርኣይ ከምትክእሉ ክንሕብር ንፈቱ

3 ጨረታ ኣብ አየር ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ 11/10/2017 ዓም ክሳብ 25/10/2017 ዓም ኮይኑ ክሳብ 1130 ኣጋማሽተ ሰነድ ጨረታ ተሸይጡ ይዉዳእ

4 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 26/10/2017 ዓም ሰዓት 5:00 ናይ ንግሆ ኮይኑ ዝተሸጠ ሰነድ ብዝተዓሸ ፖስታ ዋና ሰነድ ናይ ተሸከርክርቲ ሰነድ ጨረታ ናይ ዝተፈላለዩ ቀወምቲ ንብረትን ሰነድ ጨረታ ንንበይኑ ተፈላለዩ ተዓሺጉ አብ ዝባን እቲ ፖስታ በዓል ዋና ተጫራታይ ስምን አድራሻን ስልክን ተፃሒፉሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ዓዴት ዝርከቡ ሳንዱቅ ጨረታ ተዓሺጉ ኣታዊ ይከዉን

5 እቲ ጨረታ ዝክፈተሉ በቲ ዕለት ሰዓት 5:30 ናይ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

6 መከበሪ ጨረታ ንተሸከርከርቲ መኪና : ሞተር ሳይክለት 20000 ቅርሺ : ንካልኣት ቀወምቲ ንብረታት 3000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብብንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዙ ይግባእ

7 ጨረታ ዝሰዓርኩም ዉልቀ ሳባትን ይኹን ትካላትን ካብ ዝሰዓርክምዎ ዕለት ተነፂሩ እቲ ንብረት ክተልዕሉ ብምልክታ ምስተለጠፈ ዝሰዓርክምዎ ንብረት ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልቲታት ንክተልዕሉ ይሕብር

8 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0914 376030 0923412447

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle